## ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ብምኽንያት መስዋእቲ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም

## ኣብ ናይ ኣቦ-መንበርነት ቦታ ተፈጢሩ ንዝነበረ ክፍተት፡ ብዶ/ር የሱፍ ብርሃኑ ከም ዝመልኣ ኣፍሊጡ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ድሕሪ መስዋእቲ ገዲም ተቓላሳይን ኣቦ-መንበር እቲ ውድብን ዝነበረ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም፡ ካብ 24-27 ጥሪ 2017 ኣብ ዝነበረ መዓልታት 10ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ከም ዘሰላሰለ፡ ኣብ ናይ ኣቦ-መንበርነት ቦታ ተፈጢሩ ንዝነበረ ሃጓፍ፡ ዶ/ር የሱፍ ብርሃኑ ኣቦ-መንበር እቲ ውድብ ኮይኑ ክሰርሕ ምሉእ ድጋፍ ናይ ኣባላት ባይቶ ከም ዝረኸበን ኣብ ዘውጸአ ደምዳሚ መግለጺ ኣረጋጊጹ።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም ብመስዋእቲ ምፍላዩ ንናይ ለውጢ ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ ከቢድ ስምብራት ምኻኑ ብምግላጽ፡ መሓዙት ፖለቲካዊ ውድባት፣ በርገስ ማሕበራትን፣ ፈተውትን ብኣካልን ብዝተፈላለዩ መራኸቢታትን ተኻፊልቲ መሪር ሓዘና ብማኻኖም ኣመስጊኑ።

ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ኣብያተ ጽሕፈታቱ ናይ ስራሕ ጸብጻባት ሰሚዑ፡ ተኻቲዑ ሓያልን ድኹምን ጎኒታት ብምንጻር ከም ዘጽደቖን፡ መጻኢ መደብ ድማ ከም ዝሰርዐን ኣረዲኡ። ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል፡ ኣባላቱ ነቲ ውድብ ክገጥሞ ዝጸንሐ ብደሆታት ብንቕሓትን ጽንዓትን ምስጋሮም ብምምጓስ፡ ኣብ ቅድሚት ክትግበር ተመዲቡ ንዘሎ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ንምዕዋት ቃልሶም ከሐይሉ ከም ዝጸወዐን እቲ ብ28 ጥሪ 2017 ዝወጸ ደምዳሚ መግለጺ ሓቢሩ።

## ጋዜጠኛን ዲፕሎማትን ኮይኑ ዝሰርሐ ዓብዱ መሓመድ በክሪ ብስርዓት ህግደፍ ተኣሲሩ።

ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ፡ ኣባል ድምጺ ሓፋሽ መደብ ቋንቋ ዓረብ፡ ድሕሪ ነጻነት ከኣ፡ ኣብ ቴሌቭዥን ኤርትራ ብደረጃ ሓላፍነት ዝሰርሐ ነባር ጋዜጠኛን ዲፕሎማትን ዓብዱ መሓመድ በክሪ፡ ብ23 ጥሪ 2017 ብኣባላት ጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ከም ዝተኣስረ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ዝተረኽበ ዜና ኣረጋጊጹ።

እዚ ግዳይ ኮይኑ ዘሎ ዜጋ፡ ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ፡ ኣብ ደንማርክ ከም ቆንስል፡ ኣብ ፓኪስታን ከኣ ከም ኣምባሳደር ናይ'ቲ ስርዓት ኮይኑ ከም ዘገልገለ፡ ቤት ጽሕፈት ኢምባሲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ፓኪስታን ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ምስተዓጽወ ድማ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ፡ ኣብ'ቲ ብማእከል ስትራተጂካዊ መጽናዕቲ ዝፍለጥ ኣካል ተመዲቡ ምንባሩን ብምጥቃስ፡ ብምንታይ ምኽንያት ከም ዝተኣስረ ግን ዛጊት ግልጺ ከምዘይኮነን እቲ ብ28 ጥሪ 2017 ዝተዘርገሐ ዜና ኣፍሊጡ።

## ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2017 ብ27 ን28 ጥሪ 2017 ዝገበሮ ቃል-መጠይቕ ዝጭበጥ ሓበሬታ ዘይብሉ ደገፍቱ ዝሓዘንሉን ዝሓፈርሉን ኢጋጣሚ ከም ዝነበረ ምንጭታትና ካብ ሆላንድ ሓቢሮም

ብዙሓት ንባህርን ተግባርን ኢሳያስ ጽቡቕ ኣፍልጦ ዘለዎም ኤርትራውያን ካብ ሃለውለው ሓሊፉ ዘምጽኦ ሓድሽ ሓሳብ የለን ብምባል ከም ዘይተኸታተልዎ ዝገለጹ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ካብ ሆላንድ፡ ገለ ሓድሽ ናይ ሰላምን ደሞክራስን ድምጺ ክሰምዑ ተተስፍዮም ዝተኸታተሉ ወገናት ግን፡ መራሒ ኢልና ቁም-ነገር ክንሰምዕ ግዜና ምቕታልና የሕዝነና፡ ከም ዜጋታት ድማ የሕፍረና ኢሎም ይዛረቡ ከም ዘለው ገሊጾም።

ንኩነታት ዘቤታዊ ጉዳያት ኣመልኪቱ መጀመርያኡን መወዳእታኡን ዘይፍለጥ፡ ክኸውን ነይርዎ ክግበር ነይርዎ ደኣምበር ተፈጺሙ ዘይብሉ፡ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ንዕቀት ብርኡይ ዘንጸባረቐሉ ከም ዝነበረ፡ ናብ ኢትዮጵያን ኣመሪካን ኣነጻጺሩ 25 ዓመት እናደጋገመ ብዱል ክመስል ዘመሓላለፎ ግስሩጥ መልእኽቲ፡ ሓዘንን ሕፍረትን ዝተሓዋወሶ ስምዒት ከም ዘሕደረሎምን ግልጺ ገይሮም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 01-02-2017